**ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሽያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ**

**ቁፅሪ 1/2016**

## መእተዊ

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ንዝተኸፈተ ኲናት ንምምካት ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ሰራሕተኛ መንግስቲ ሓዊሱ ኣብ መኸተ ተሰሊፎም ኣብ ከቢድ ፀገም ከም ዝፀንሑ ዝፍለጥ እዩ። ነዚ ብሰላማውን ዘላቕን ብሕገ-መንግስታዊ መንገዲ ንምፍታሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን መሪሕነት መንግስቲ ትግራይን ኣብ ምርድዳእ በፂሖም ስምምዕነት ፕሪቶርያን ናይሮቢን ተፈራሪሞም እዮም። በቲ ብዘላቕነት ተኹሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕነት መሰረት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ናብ ንቡር ስርሐን ክምለሳ መምርሒ ስለዘዉረደን ሕዚ ናብ ስሩዕ ስራሕ ንምምላስ መሰጋገሪ መምርሒ ምውፃእ ኣድላይ ስለዝኾነ፣

ቤት ፍርዲ ድማ ከም ሓደ ናይ መንግስቲ ኣካል ብሙሉእነት ናብ ንቡር ስራሕ ክምለስ ኣብ ምስራሕ ስለዝርከብ ኣብ መኸተ /ግንባርን ደጀንን/፣ ካብ ስራሕ ቦታ ተመዛቢሎም ምስ ስድርኦም ወይ ከዓ ኣብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ዝርከቡን ኣብ ትምህርቲ ዝፀንሑን ናብ ንቡር ስርሖም ክምለሱ ንምግባርን ናብ ስራሕ ኣብ ዝምለስሉ እዋን ዉፅኢታዉን ፍትሓዉን ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራን ምዝርጋሕ ዘለዎ እጃም ብምግንዛብ፣

ብካልእ መዳይ ድማ ምስቲ ዘለናዮ ኩነታት ተታሓሒዙ ዝተወሰኑ ውሳነታትን ዝተወሰዱ ስጉምቲታትን ሰለ ዘለዉ ክለዓል ዝኽእል ሕቶ ሕጋዊ መልሲ ምሃብ፣ ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት ቤት ፍርዲ ማሕንቆ ዝተባህሉ መፍትሒ ምቕማጥ ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፤

ብመሰረት ኣወዳድባ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዉሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ-333/2012 ዓንቀፅ 25 መሰረት እዚ ግዝያዊ መምርሒ ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 1/2016 ዓ/ም ተዳልዩ ኣሎ።

<u>ክፍሊ ሓደ</u>

<u>ሓፈሻዊ ድንጋገታት</u>

**ዓንቀፅ ፩- <u>ሓጺር ርእሲ</u>**

እዚ ጊዝያዊ መምርሒ "ስርዓት ምሕደራን ኣወፋፍራ ስራሕን ዳያኑ፣ ሬጅስትራራት፣ ተሸየምቲ ጉባኤን ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈትን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 1/2016 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ ፪- <u>ትርጉም</u>**

ኣገላልፃ እቲ ቃል ካልእ ትርጉም ዘዉህብ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ መምርሒ፦

**1.ቤት ፍርዲ-** ማለት ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ-ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

**2.ፕሬዝደንት-** ማለት ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ፕሬዝደንትን ምክ/ፕሬዝደንትን ማእኸላይ ቤት ፍርዲን ፕሬዝደንት ወረዳ ቤት ፍርዲን ዘካትት እዩ።

**3.ኣዋጅ-** ማለት ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዉሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ-333/2012 እዩ።

**4.ደንቢ-** ማለት ተመሓይሹ ዝወፀ መተሓዳደሪ ደንቢ ዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ..../2012 እዩ።

**5.ዳይና-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሸሙቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

**6.ሕፁይ ዳይና-** ማለት ብጉባኤ ንዳይነት ተሓርዩ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሸየም ብግዝያውነት ኣብ ቤት ፍርዲ ተመዲቡ ብሓገዝ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።

**7.ሬጅስትራር-** ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብሬጅስትራርነት ንኽሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሸሙቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ እዩ።

**8.ሕፁይ ሬጅስትራር-** ማለት ብቕዓቱ ብጉባኤ ተኣሚንሉ ብቤት ምኽሪ ክሳብ ዝሸየም ኣብ ቤት ፍርዲ ብስራሕ ሬጅስትራርነት ተመዲቡ ዝሰርሕ በዓል ሞያ ማሕበራዊ ሳይንስ ወይ ምሩቕ ሕጊ እዩ።

**9.ምግዳል-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኵናትን ወራርን ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ንሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ዝተፈፀመ ግቡእ ወይ ግልጋሎት እዩ።

**10.ተጋዳላይ-** ማለት ኣብ ክልልና ድሕሪ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ዝተፈፀመ ወራር ንምምካት ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተጠርኒፉ ኣብ ምግዳል ግቡኡ እናፈፀመ ፀኒሑ ብሕጋዊ ስንብት ዝተመለሰ፣ ወይ ናብ ካልእ ስራሕ ዝተደልደለ ወይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዝርከብ እዩ።

**11.ደጀን-** ማለት ክልልና ገጢምዋ ኣብ ዝነበረ ኵናትን ወራርን ኣብ ዉሽጢ ፀላኢን ሓራ ኣብ ዝወፃን ከባቢታት ምስ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ተኣሳሲሩ ንህልዉናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኢሉ ግቡእ ዝፍፀመሉ ከባቢ እዩ።

**12.መኽተ-** ማለት ትግራይ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝነበረ ወራር ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ኣብ ግንባርን ደጀን ዝተፈፀመ ኣስተዋፅኦ ኮይኑ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተዉሃበ ግልጋሎት እውን ዝሓዉስ እዩ።

**13.ከቢድ ጉድኣት-**ማለት ብኵናት ወይ ተፈጥሮኣዊ ኩነታት ዓይኑ፣ እዝኑ፣ እግሩን ኢዱን ዝሰኣነን ምስዚ ተመሳሳሊነት ዘለዎም ካልኦት ጉድኣታት ዝበፅሖን ኮይኑ ብሓጋዚ ሰራሕተኛ ዝስርሕ ወይ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ዘይኽእል ምኳኑ ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ።

**14.ቀሊል ጉድኣት-** ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን ብኵናት ወይ ብተፈጥሮኣዊ ኩነታት ኣካሉ ጉድኣት በፂሕዎ ብኽፋል ስሩዕ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘይኽእል ብመረዳእታ ሕክምና ዝተረጋገፀ እዩ።

**15.መረዳእታ ሕክምና-** ማለት ኣብዚ ክልል ወይ ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ወይ ኣብ ወፃኢ ዓዲ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ወይ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ዘለዎ መንግስታዉን ዘይመንግስታዉን ትካል ጥዕና ዝዉሃብ ወይ ትኽክል ምኳኑ መረጋገፂ መረዳእታ ኣግባብ ካብ ዘለዎ ትካል ጥዕና ዝረጋገፅ፣ ወይ ብዛዕባ ጥዕናን ፍቓድ ሕማምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝወሃብ መረዳእታ እዩ።

**16.ጥቕማ ጥቕሚ-** ማለት ብሕጊ ተፈልዩ ንዳያኑ፣ ሬጅስትራራትን ተሸየምቲ ጉባኤን ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ብመሰረት መምርሒ መሃያን ጥቕማጥቕሚን ቁፅሪ 19/2012 ዝወሃብ ጥቕማ ጥቕሚ እዩ።

**17.ስራሕ ልምዲ-** ማለት ሕጋዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎም ዉልቀ፣ መንግስታዊ፣ መንግስታዊ ዘይኮኑን ዓለም-ለኻዊ ትካላትን ዉሽጢ ተቖፂሩ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ በቢወርሑ መሃያ እናተኸፈሎ

ብመስርሓይ ትካል ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት እናሰርሐ መሃያ ከም ዝኸፈሎ ዝገልፅ መረዳእታ እዩ። ኮይኑ ግና ነዚ እዋን ካብ ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ኣብ ግንባርን ደጀንን ናይ ዝፀንሕሉ እዋን ዝገልፅ ዝኾነ መረዳእታ እንተቕሪቡ ከም ስራሕ ልምዲ ይተሓዝ።

**ዓንቀፅ ፫- ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝምልከት እዩ።

**ዓንቀፅ ፬- ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ኣብ ልዕሊ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤ፣ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲን ክልል ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

**ዓንቀፅ ፭- ዕላማ እዚ መምርሒ**

1/ ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኲናት ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዉሓስ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ክሳተፍ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ዘድሊ ኣፍልጦ ንምሃብ፣

2/ ኣብ ግዜ ኲናት ዝተወሰኑ ዉሳነታት፣ ዝተፈፀሙ ሓላፍ ዘላፉትን ከምኡ እዉን ዘጋጠሙ ፀገማትን መስተኻኸሊ ስጉምቲታት ንምዉሳድ፣

3/ ኣብ ምርግጋፅ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ግደ ኣብያተ ፍርዲ ዝዓዘዘ ስለዝኾነ ከም ኣካል መንግስቲ ድማ ዘድሊ ህዝባዊ ግልጋሎት ንምሃብ ምችዉ ናይ ስራሕ ሃዋህዉ ንምፍጣር ቅድመ ምድላዋት ንምዉጋንን ናብ ስሩዕ ኣወሃህባ ግልጋሎት ንምእታዉን እዩ።

**ዓንቀፅ ፮- መትከላት**

1/ እዚ መምርሒ ኣፈፃፅምኡ ኣብ ግልፅነት፣ ማዕርነት፣ ተገማታይነት፣ብቕዓት፣ክእለትን ስርዓት ዉድድርን ዝተመስረተ ኮይኑ ምትብባዕ ዘድልዮ ብምትብባዕን ንዝተፈጠረ ናይ ስነ-ልቦና ጉድኣት ብዘክሓሕስን መንገዲ ይፍፀም።

2/ ቤት ፍርዲ ሓቓፋይ መንገዲ ተኸቲሉ ስራሕን ሰራሕተኛን ኣራኺቡ መንፈስ መገልገላይነት ሠብዝፈጥር መንገዲ ዝፍፀም ይኸውን።

3/ ኣብዚ መምርሕን ዝተቐመጡ መሰላትን ግቡኣትን፣ ክልልና ሐዚ ዘላቶ ነባራዊ ኩነታትን ትፅቢት ዝግበረሉ ትካላዊ ኣወሃህባ ግልጋሎትን ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ ዝትግበር ይኸዉን።

## ክፍሊ-ክልተ

## ካብ ምግዳል፣ ደጀንን ካልኡት ቦታታትን ናብ ስሩዕ ስራሕ ምምላስ

### ዓንቀፅ ፯ - ካብ መኸተ ናብ ንቡር ስራሕ ምምላስ

ኣብ ምግዳል ዝነበረ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ከምኡ እውን ካብ ኣብያተ ፍርዲ ወፃኢ ኣብ ደጀን ስራሕቲ ዝተዋፈረ ናብ ስሩዕ ስራሕ ክምለስ ይግበር።

### ዓንቀፅ ፰- ብዝተፈላላለየ ምኽንያት ካብ ስሩዕ ስራሕ ተፈልዩ ዝፀንሐ ምምላስ

ኣብዚ ሰለስተ ዓመት ኲናት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ስራሕ ቤት ፍርዲ ተፈልዩ ዝፀንሐ ናብ ስርሑ ዝምለስ ኮይኑ-

1/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ፣ ብስልጠና፣ ብሕክምና፣ ብናይ ቤት ፍርዲ ስራሕ፣ ወይ ብካልእ ስራሕ ኣጋጣሚ ካብ ትግራይ ወፂኡ ከይተመለሰ ፀኒሑ መንገዲ ምስ ተኸፈተ ንዝመፀ፣ ወይ በቢ ብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ዝረጋገፅ ካልእ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኮነ ምኽንያት ካብ ትግራይ ወፂኡ ዝተዓፀወ እንተኾይኑ ኩሉ ነገር ብምፅራይ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ቦታ ብምምዳብ መሃያን ጥቅማጥቕምን ዝኽፈሎ ይኸውን፣ ልምዲ ስራሕ እውን ክተሓዘሉ ይግበር።

2/ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብፍቓድ በቢብርኩ ዝርከብ ፕሬዝደንት ወይ ብኲናትን ወራርን ምኽንያት ኣብ ስራሕ ዘይነበረ፣ ወይ ብምኽንያት ቁጠባውን ማሕበራዊን ፀገማት ህይወት ባዕሉ ወይ ስድርኡ ንምድሓን ናብ ቤተ-ሰቡ ዝርከብሉ ከባቢ ተፀጊዑ ፀኒሑ ንዝመፀ ናብ ስራሕ ክምለስ ይግበር። ልምዲ ስራሕ ይተሓዘሉ፣ መሃያን ጥቕማጥቕምን ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ይኽፈሎ።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ ሀን ለን ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኾይኑ ካብ 08 ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ኣብ ስርሑ ዘይተረኽበ ዳይና ፣ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን እንተኾይኑ በቢብርኩ ብዝርከብ ኣመራርሓ ካብ መሃይኡ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪፁዎ፣ቅድሚ ሚያዝያ 1/2015 ዓ.ም ዝነበረ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ ምትራፍ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ክሳብ መስከረም 28/2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ እውን እንተቐፂሉ ድማ ናይ ክልተ ወርሒ መሃይኡ ተቖሪፁዎ ናብ ስርሑ ክምለስ ይግበር።

ካብ መስከረም 8/2014 ዓ.ም ክሳብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ካብ ስራሕ ከይተረፈ ፀኒሑ ካብ ሚያዝያ 01/2015 ዓ.ም ክሳብ 28 መስከረም 2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራሕ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ወርሒ ካብ ስራሕ እንተተሪፉ ድማ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ተቖሪፅዎ ናብ ስርሑ ይምለስ፡፡

4/ ካብ ሕዳር 2013 ክሳብ ሰነ 2013 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ምስ ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር ሽመት፣ ምደባን ካልኦት ምስ ሓላፍነት ዝተሓሓዙ ስራሕቲን ዝተቐበሉ ዳያኑ፣ ሬጅስትራርን ተሸየምቲ ጉባኤን ናይ ገበን ይኹን ክሲ ጉድለት ስነ-ምግባር ኽሲ ይቕረበሎም ኣይቕረበሎም ብዘየገድስ ኣቐዲሙ ናብ ዝነበሮም ሞያዊ ስረሖም ወይ ሓላፍነቶም ክምለሱ ይግበር።

5/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ /4/ ዝተጠቐሰ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ዝምልከት በቲ ዝነበሮ ሓላፍነት ክረኽቦ ዝኽእል መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ክኽፈሎ ይግበር።

6/ ዝኮነ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ተራ ገበን ፈፂሙ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ብብርኪ ክልል ዝወፀ ናይ ምሕረት መምርሒ ዝሽፈን እንተኾይኑ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ እውን ክቐርበሉ ኣይግባእን፣ ቀሪብሉ እንተ ነይሩ ድማ ክቋረፅ ይግበር። ኣብቲ መምርሒ ምሕረት ዘይሽፈን እንተኮይኑ ድማ ጉድለት ስነ-ምግባር ክሲ ዝምልከት ብጉባኤ ተራእዩ መፅለቢ ክረክብ ይግበር።

<u>ዓንቀፅ ፱- ናብ ስራሕ መምለሲ እዋን</u>

1/ ንስምምዕነት ተኹሲ ብዘላቕነት ጠጠው ምባል ሲዒቡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ 28 መስከረም 2016 ዓ/ም ብዝገበሮ መፀዋዕታ ኩሉ ዳይና፣ሬጅስትራር፣ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ናብ ስርሑ ክምለስ ዝግበኦ ኮይኑ ብድሕሪ መስከረም 28/2016 ዓ.ም ንዝህሉ ከይዲ ብስሩዕ ሕጊ ዝምራሕን ዝዳነን ይኸውን።

2/ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ -1- ዝተገለፀ ናብ ስራሕ መምለሲ ግዜ ኣብ ግንባር ንዝነበረ ተጋዳላይ እንተ ኾይኑ ስንብታ ካብ ዝተወሃበሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ሪፖርት ናይ ምግባር ግቡእ ተገይሩ ዝሕሰብ ይኸውን።

3/ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ግንባር ስራሕቲ ተዋፊሩ እናሰርሐ ዝርከብ ብናይ መንግስቲ ዉሳነ ቐልጢፉ ናብ ስራሕ ዝመፅሉ ኩነታት እንተ ዘይሃልዩ ነቲ ንሱ ዝሰርሖ ስራሕ ብካልኦት ክሽፈን እንዳ ተገበረ ነቲ ሰራሕተኛ ዝግበኦ ረብሓ ክረክብ ይግበር።

**ዓንቀፅ -፲ <u>ናብ ስሩዕ ስራሕ ንዝምለስ ዝግበረሉ መተባብዒ</u>**

**(፩) ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ተዋፊሩ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ናብ ስራሕ እንትምለስ-**

**ሀ/ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ ናብ ስራሕ እንትምለስ መሰነይታ ደብዳቤ ክህብ ካብ ዝኸእል ኣካል ስንብት ሒዙ እንትመፅእ ሒዙዎ ናብ ዝነበረ ስራሕ መደብ ክምለስ ብምግባር፣ ንመተባብዒ ኣብ ዝነበሮ መሃያ ንጎኒ** 2[ተ] **ብርኪ ስርርዕ ስራሕ ይዉሰኾ።**

**ለ/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ** -1- **ኣብ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ብርኪ ስርርዕ ዘይጥምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ጥቕማ ጥቕሚ** 19/2012 **ካብቲ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ቀፂሉ ዝርከብ** 2[ተ] **ብርኪ ስርርዕ ዝጠልቦ መጠን ክፍሊት ናብ ቕርሺ ተቐይሩ ምስ ሐዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዝተረኸበሉ ዝኽፈል ናይ ክልተ ወርሒ ዘይተፃረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ።**

**ሐ/ ካብ ምግዳል ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘቋረፀ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ናብ ዝነበሮ መደብ ስራሕ ክምለስ ብምግባር ካልኦት መተባብዕታት ድማ ከምቲ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ተጠቃሚ ይኸውን።**

**(፪) ብስሩዕ ሕጊ ብምኽንያት ኣገልግሎት ዝወሃብ ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ከምዘሎ ኮይኑ ካብ ዓቕሚ ንዓቐብ ብዝኾነ ምኽንያት ዝተቛረፁ ስራሕቲ ሕልዋት ኮይኖም በቢብርኩ ብዝርከብ ኣመራርሓ ቤት ፍርዲ ዝውሰን ላዕ/ቤት ፍርዲ ብዝገበሮ ናይ ስራሕ ፃውዒት መሰረት ብዘይምቁርራፅ ካብ** 08 **መስከረም** 2014 **ክሳብ** 23 **ጥቅምቲ** 2015 **ዓ/ም ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ዳይና፣ ሬጅስትራርን፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ምትብባዕ ዝምልከት፥**

**ሀ/ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐሉ እዋን ኣካል ቃልሲ ተጌሩ ዝሕሰብ ኮይኑ በቢብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት እናተረጋገፀ** 1/ሓደ/ **ብርኪ ስርርዕ ንጎኒ መተባብዒ ተወሲኽዎ ስርሑ ክቕፅል ይግበር።**

**ለ/ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/ሀ/ ዝግበር ወሰኽ ብርኪ ስርርዕ ኣብ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ንዝበፅሐ ወይ ዘይጥምቶ ስራሕ መደብ እንተኾይኑ ድማ ብመሰረት መምርሒ ጥቕማ ጥቕሚ** 19/2012 **ካብቲ ናይ መወዳእታ ብርኪ ስርርዕ ቀፂሉ ዝርከብ ሓደ ብርኪ ስርርዕ ዝጠልቦ መጠን ክፍሊት ናብ ቕርሺ ተቐይሩ ምስ ሐዚ ዝረኽቦ መሃይኡ ተወሲኹ ክኽፈል ብምግባር ወይ ድማ ባጀት ኣብ ዝተረኸበሉ ዝኽፈል ናይ ሓደ ወርሒ ዘይተፃረየ መሃይኡ ክኽፈል ብምግባር ይበረታታዕ፡፡**

## ዓንቀፅ ፲፩ - ፍሉይ መተባብዒ ዘድልዮም ኣካላት

1/ ብኻልእ ሕጊ ንኣካል ጉድኣት፣ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ዝወሃብ መተባብዒ ከም ዘሎ ኮይኑ፣ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ሃለዋትን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኣብ ምግዳል ዝነበረ ኣካል ጉዱእ፣ ትሑት ተዋፅኦ ዘለዎም ብሄራትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዝግበሩ ዉድድራት ስራሕ መሕለፊ ነጥቢ ዝረኸበ እንተኾይኑ ንደቂ ኣንስትዮ-5 ነጥቢ ንደቂ ተባዕትዮ-3 ነጥቢ ዝዉሰኽ ይኸውን።

2/ መሕለፊ ነጥቢ ኣብ ዘይጠልቡ ዉድድራት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /ሀ/ ዝተገለፀ መተባብዒ ነጥቢ ተደሚሩ ዝወዳደር ይኸዉን።

## ዓንቀፅ ፲፪ - ኣከፋፍላ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን

1/ ኣብ ክልልና ብዘጋጠመ ኩናትን ዕፅዋን ክባን ናይ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ወርሓዊ መሃየኦም ካብ ዝተቛረፀሉ ግዜ ጀሚሩ ዝኽፈል ይኸውን።

2/ ኣብ ዞባ ምዕራብን ካልኦት ሓራ ዘይወፃ ከባቢታት ዝተመደቡ ክሳብ ከባቢኦም ሓራ ወፂኡ ናብ ንቡር ቦትኦም ዝምለሱ ናይ ሕሉፍ ይኹን ናይ ቐፃሊ ዘይተኸፈሎም መሃያ ይኹን ካልእ ጥቕማ ጥቕሚ ናይ ዞባ ምዕራብ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ካልኦት ድማ በቢ ዝምልከቶ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣቢሉ ኽፍሊት ይፍፀም።

3/ ኣብ ግንባርን ደጀንን ኣብ መኸተ ፀኒሑ ናይ ጥሮታ ዕድመ ዝሓለፎ ወይ ዝኣኸሎ እንተጋጥም ካብቲ ንጥሮታ ዕድመኡ ዝመለአሉ ዕለት፣ ወርሒን ዓመት ምህረትን ጀሚሩ ሐዚ እቲ ቅጥዒ ተመሊኡ ክለኣኸሉ ይግበር። ቅድሚ ናይ ጥሮታ መዉፅኢ ዘሎ ግዜ ድማ ኣብ ስራሕ ምስ ዝፀንሐ ዝክፈሎ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ኣካል ኮይኑ ይተኣናገድ።

4/ ዝኾነ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ካብ ቤት ፍርዲ ለቒቑ ዝርከብ እንተኮይኑ ክሳብ ካብ ስራሕ ዝለቐቐሉ ግዜ መሃያን ጥቕማጥቕምን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ ፲፫ - ብርኪ ስርርዕ

ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ደንቢን መምርሒን ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ስለዘይተመልአ ብርኪ ስርርዕ ንምቕማጥ ኣፀጋሚ ስለዝኸዉን በቲ ደንቢን መምርሒን ክበፅሖ ናብ ዝግበኦ ዝነበረ ብርኪ ስርርዕ ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣብ ግምት ከይኣተወ በቶም ኻልኦት ረቛሕታት ብርኪ ስርርዕ ስሩዕ ሕጊ ተመዚኑ ክስራዕ ብምግባር መሃያ ክኽፈሎ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፬ - ምፍቃድ ክፍሊት ዝተፈላለዩ ዓይነት ጥቕማ ጥቕሚ**

1/ ብመሰረት መምርሒ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ቁፅሪ-19/2012 ዝኾነ ዓይነት ጥቕማ ጥቕሚ ክፍሊት ክፍፀም ይግበር።

2/ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ዝምልከት ብመንግስቲ ናይ ቆላ ኣበል ኽፍሊት ክፍፀመለን ኣብ ዝተነፀራ ከባቢታት ዝተመደበ ዳይና፣ ራጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ኣብ ዝሃለወ ይሃልዉ ክፍሊት ቆላ ኣበል ክፍፀመሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፭ - ምኽባር መሰል ማሕበራዊ ዉሕስናን ስርዓት ክፍሊት ጥሮታን**

1/ ኣብ ምግዳል ከይዱ ዝተሰዉአ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ቕድሚ መስዋእቱ ብመርድእ ግልፂ ምግባሩ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ምስ ዝነበረ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ክረክብ ይግበር። መስዋእቱ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/3/ ዝተኣናገደ ይኸዉን።

2/ ካብ ምግዳል ወፃኢ ህይወቱ ዝሓለፈ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ዝምልከት ቕድሚ ህይወቱ ምሕላፉ ዝነበረ እዋን ኣብ ስራሕ ከም ዘሎ ይተኣናገድ። ህይወቱ ካብ ዝሓለፈሉ ግዘ ጀሚሩ ድማ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/3/ ዝተኣናገድ ይኸዉን።

3/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ -1-ን -2-ን ዝተገለፀ ዋላ እንተ ሃለወ ግዝያዊ ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዘውፅኦ መምርሒ ዝያዳ ንበዓል መሰል ዝጠቅም ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ፲፮ - ከቢድ ጉድኣት ዝበፅሖ ተጋዳላይ**

ናብ ምግዳል ካብ ዝኸደ ኣካሉ ብሙሉእ ዝተጎድአ ወይ ዝለመሰ እንተሃልዩ ሕቶ ስንብት ሓዊሱ ካልእ መሰልን ኣመልኪቱ ብመሰረት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ- 36/1/ን/2ን ዝተኣናገድ ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፲፯ - ስርዓት ምደባን ዝዉዉርን**

1/ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ ተጋዳላይ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብ መንጎኦም ብዝግበር ውድድር እቲ ቦታ ዝጠልቦ ሓይሊ ሰብ መሰረት ብምግባር ክምደብ ይግበር።

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ /1/ ዝተገለፀ ተጋዳላይ ሓጋዚ ዘድልዮ እንተኾይኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሓጋዚ መዲቡ ስርሑ ክቕፅል ይገብር።

3/ ሓዱሽ ተመዳቢ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝበፅሖ ወይ ኣብ ሕክምና ክትትል ዝርከብ እንተጋጥም ድማ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ-/1/ን /2/ን ብዝተቐመጠ መሰረት ዝተኣናገድ ይኾውን።

**ዓንቀፅ ፲፰ - <u>ኣተሓሕዛ ስራሕ ልምዲ</u>**

ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ምግዳል ፀኒሑ ግቡኡ ወዲኡ ናብ ዝነበሮ ስራሕ ዝተመለሰ እቲ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐሉ ዕለት፣ ወርሕን ዓመትን ልክዕ ቅድሚ ምግዳሉ ናይ ዝሰርሐሉ ብዝነበረ ስራሕ መደብ መፀዊኢ ይሰርሕ ከም ዝነበረ ተሓሲቡ ክተሓዘሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፲፱ - <u>ማህደር ምምላእ</u>**

1/ ማህደር ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ብዝበፅሖ ኲናት ምኽንያት ናብ ኩለን ኣብያተ ፍርዲ ተባሂሉ ብዝግለፅ መልክዑ ዝበረሰ ስለዝኾነ ዘድሊ ምፅራይ እናተገበረ ብቐዳምነት ኩሉ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸየሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ኣብ ኢዱ ዘሎ መረዳእታ ከተሓሕዝን ከማልእን ብምልክታ ብምፍላጥ ኣብ ዝሰርሐሉ ቤት ፍርዲ እናተጠርነፈ ብማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ተጠሙሩ ናብ ጉባኤ ክለኣኽ ይግበር።

2/ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ-1- ክርከብ እንተዘይተኻኢሉ እቲ ዳይና፣ ሬጅስትራርን ተሸያሚ ጉባኤን ቅድሚ ኣብ ቤት ፍርዲ ምቛፃሩ ኣብ ካልእ ትካል ይሰርሕ እንተ ነይሩ ኣበይ ትካል ይሰርሕ ከም ዝነበረን ክለኣኽ ዝድለ መረዳእታን ብምንፃርን ብምጥማርን ብጉባኤ ኣቢሉ ክሕተተሉ ይግበር። ካብቲ ትካል ዝተገናዘበ መረዳእታ ብምምፃእ ሓዱሽ ማህደር ይኸፈተሉ።

3/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 ን እዚ መረዳእታ ክርከብ ዘይኽኣለ ድማ ናይቲ ዳይና፣ ሬጅስትራር ወይ ተሸያሚ ጉባኤ ናይ ትምህርቲ መረዳእታ ካብ ዝተምሃረሉ ትካል ተገናዚቡ ክለኣኽ ብጉባኤ ኣቢሉ ክቐርብ ምስተገበረ ሓዱሽ ማህደር ክኸፈተሉ ይግበር።

4/ ናይ ትምህርቲ ይኹን ካልእ መረዳእታ ዘይተረኽበሉ ድማ ጉባኤ ዉሳነ ክህበሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳ - <u>ዓመታዊ ዕረፍቲ</u>**

1/ ኣብ 2013 ዓ/ምን 2014 ዓ/ምን ብዘጋጠመ ኲናት ምኽንያት ኣብ ደጀንን ግንባርን ዝፀንሐ ተጋዳላይ ዳይና፣ ሬጅስትራር፣ ተሸያሚ ጉባኤን ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን ዓመታዊ ዕረፍቲ ስለዘይወሰደ ብመሰረት እቲ ደንቢ ቁፅሪ---/2012 ዓንቀፅ-26/8/ን/9/ን በቢብርኩ ብዝርከቡ ፕሬዝደንትታት እናተረጋገፀ ናብ ገንዘብ ተቐይሩ ክኽፈል ይግበር።

2/ ኣብ ናይ 2015 ዓ.ም ክረምታዊ ስራሕቲ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐ ተጋዳላይ ኣብ ስራሕ ከም ዝፀንሐን ከም ዘይኣዕረፈን ተሓሲቡ እቲ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ብማእኸላይ ብገንዘብ ተፀብሂቡ ናይ ሓደ ወርሒ ዘይተፃረየ ወርሓዊ መሃይኡ ይኸፈሎ፡፡

3/ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ምግዳል ዝፀንሐ ተጋዳላይ ናብ ስራሕ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ናብ ምድብ ቦትኡ ሪፖርት ምስገበረ ናይ 30 መዓልታት ዕረፍቲ ንክረክብ በቢብርኩ ብዝርከብ ፕሬዝደንት ክፍቀደሉ ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳፩ - <u>ኣብ ትምህርቲ ፀኒሖም ዝተመረቑን ዘቋረፁን</u>**

1/ ኣብ ትምህርቲ ፀኒሑ ዘቋረፀን ተመሪቑ ዝመፀን ናብ ዝነበሮ ብርኪ ስራሕ ክምደብ ይግበር።

2/ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 1 ዝተገለፀ ትምህርቱ ኣቋሪፁ ዝመፀ ንክቕፅል ድሌት እንተሃልይዎ ምስቲ ናይ ትምህርቲ ትካል ብምርድዳእ ክቕፅል ይግበር።

**ዓንቀፅ ፳፪ - <u>ዝተጭበርበረ መረዳእታ</u>**

1/ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዘቕረበ ዳይና፣ ሬጅስትራር ፣ ተሸያሚ ጉባኤ ወይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት እንትርከብ ካብ ዝኾነ ምደባ፣ ቑፃር፣ ዝዉዉር፣ ብርኪ ዕቤትን ዉድድርን ዝስረዝ ኮይኑ ብገበንን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸዉን።

2/ ዝተጭበርበረ መረዳእታ ከምዘሎ እናፈለጠ ኮነ ኢሉ ምደባ፣ ቑፃር፣ ዝዉዉርን ዕቤትን ክፍፀም ዝገበረ ኣካል ብገበንን ጉድለት ስነ-ምግባርን ተሓታቲ ይኸዉን።

**ዓንቀፅ ፳፫ - <u>ሓፈሻዊ ኣፈፃፅማ ኽፍሊት</u>**

ኣብዚ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተጠቐሱ ዋኒናት ኽፍሊት ዝምልከት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ በጀት ሓቲቱ ምስ ተፈቐደ ዝፍፀም ይኸዉን።

**<u>ክፍሊ-ሰለስተ</u>**

**<u>ዝተፈላለዩ ድንጋገታት</u>**

**ዓንቀፅ -፳፬ -<u>መሰጋገሪ ድንጋገ</u>**

ኣብዚ መምርሒ ንተጋደልቲ ዝተገበረ መተባብዒ ብካልእ ኣካል ንዝወሃብ መተባብዒ ዝትክእ ኣይኮነን።

**ዓንቀፅ-፳፩ - <u>ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታትን ኣሰራርሓታትን</u>**

ኣብዚ ግዝያዊ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ነዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ፣ ዉሳነን ኣሰራርሓን ተፈፃምነት የብሉን።

**ዓንቀፅ-፳፮ - <u>እዚ መምርሒ ኣብ ስራሕ ዝዉዕለሉ እዋን</u>**

1.እዚ ግዝያዊ መምርሒ ካብ ዕለት 27/02/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

2.ተፈፃምነት እዚ ግዝያዊ መምርሒ ድማ ካብ ዕለት 01/08/2015 ዓ.ም ጀሚሩ ይኸዉን።

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገብረተኽለ

ኣካቢ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ክልል ትግራይ